የትግራይ ዴሞክራሲያዊ ትብብር - ዴሞክራሲያዊ ምትሕብባር ትግራይ

TIGRIAN ALLIANCE FOR NATIONAL DEMOCRACY (TAND)

e-mail: ezanareg@hotmail.com

# ዝላ ህወሓት ናብ ፀድፊ፣ ካልኦትና ኸ?
# ሕቶ ህዝቢ ይሰማዕ!

ጉባኤ ማለት ሕሉፍ ስራሕቲ ዝግምግማሉ፣ ህልዊ ሕብረተሳዊ ፀገማት ዝዝተየሉ፣ እዋናዊ ፖሊሲታትን ሕግታትን ዝፍልፍሉ፣ ንዘምሓደስቲ ፖሊሲታትን ሕግታትን ኣብ ግብሪ ዘውዕሉ ብቑዓት ሰባት ዝምልመሉ መድረኽ እዩ። ማእኸል መፀውዒ ጉባኤ፣ ህዝቢ ዝፅበዮ ፖሊሲታትን ሕግታትን ክኸውን እናተገበኦ፣ ዝሓለፈ ሰሙናት ኣብ ከተማ መቐለ ክረኣይ ዝቐነየ ሆያ-ሆየ ግና ምስ ዕላማ ጉባኤ ዘይኸይድ እዩ።

ሃይማኖታዊን ባህላዊን ታሪኻዊን ስርዓት ኮይኑና “እንኳዕ ካብ ዘበነ ሉቃስ ናብ ዘበነ ዩሃንስ” ኣሸጋገረኩም ኣሸጋገረና ኣብ እንብሃለሉ እዋን፣ ናይ ህወሓት ኣመራርሓ ኸዓን “ማብል 12 ጉብኤ ኣካይድና ካብ ጌጋታትና ተኣሪምና ኢና” ኢሎም ምእንተ ሰላምን ምዕባለን ክንዲ ተሓዲሶም ናብ ህዝቦም ዝቐርቡን፣ ዝተረሓሓቐ ከቀራርቡ ዝዳለውን፣ “ከምዝነበርና ክንቅጽል ኢና” ኢሎም ጸማም እዝኒ ብምሃብ ናይ መፃድፍ ገደል መንገዲ ዝመረጹ ይመስሉ። ህዝብና ብተደጋጋሚ ኣቤት! ኣቤት! ዝበለሎም ይኹኑ ዝተፈላለዩ ግዱሳት ሰባትን ሙሁራትን ዝሓበርዎም ኣገደስቲ ጉዳያት ፍፁም ቆላሕታ ኣይረኸቡን።

ንኣብነት ቅድሚ እቲ ጉባኤ ምጅማሩ፣ ብዝዓበየ ብገባሪ-ሰናይነቱ ዝፍለጥ ኣይተ ዳዊት ገብረእግዝኣብሔር ዝሃቦ ገፊህ ቃለ መጠይቕ፣ ብትሕዝትኡ ናይ ሚልዮናት ጥርዓንን ሓበሬታን ዘጋውሕ፣ ንብዙሓት ዘዛረበ ወድዓዊ ኩነታት ዝገልጽ ሓበሬታ ምዃኑ ብሩህ እዩ። ብተወሳኺ'ዉን ካብ መቐለ ዩንቨርስቲ ተሓባባሪ ፕሮፌሰር ሰይፈ ሃይሉ ሊሂቃዊ ትንተና ዘለዎ ሓበሬታ አቕሪቡ ከምዝነበረ ይዝከር እዩ። ካብቶም ተሳተፍቲ እቲ ጉባኤ ዝተወሰኑ ቆራፃት ወከልቶም እውን ተመሳሳሊ ሓሳብን ሕቶን ኣቕሪቦም ከምዝነበሩ ይግለጽ እዩ። ብመሰረቱ አብዚ እዋን ካብቶም ብህዝቢ ደፊኦም ዝለዓሉ ዘለው ሕቶታት ዝስዕቡ ይርከብዎም፥

1. አብ ትግራይ ዲሞክራሲያዊ መስል ፍፁም የለን። ሰብ ብነጻ ክዛረብ፣ አብዝደለዮ ውድብ ክሳተፍን ነጻ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስን ክገብር፣ ዝመሰሎ ብጽሑፍን ጋዜጣን ክገልጽ አይከአለን፣
2. አብ ትግራይ ፍትሒ የለን። ሰብ ስልጣን ከምዝደለይዎ ይገብሩ፣ ሕጊ ኣይገዝኦምን፣ ሰብ ብዘይ አገባብ ይእሰር፣ ይግረፍ፣ ይጠፍእን ይቕተልን፣

3. ኣብ ሰብ-ስልጣን ህወሓት ግዕዝይና (corruption, maladministration) ብዓብይኡ ፈጢጡ ይረአ ኣሎ። እቶም ሜራሕቲ መበዝሕትኦም ብቕዓት የብሎምን፣ ብሸርክነትን ጥቕምን ዝተመራረጹ እዮም።
4. ኣብ ትግራይ ንሰብ ሃብቲ ዘተባብዕን ዝዕድምን ኩነታት የለን። ምስ ካልኦት ክልላት ኢትዮጵያ ክነፃፀር ከሎ ኢኮኖሚያዊ ባለን ግልጋሎትን ኣብ ትግራይ ትሑት እዩ። ኩሉ ኣብ ትሕቲ ፓርቲ ቁፅፅር ስለዝኾነ ህዝቢ ከጥሪን ክሰምዖ የሸን ኣይካኣለን፤
5. ንፕሮፖጋንዳ ተባሂሉ ብሓሰት ዝወሃብ ዘሎ ናይ ዕብየት ኣሃዛት ምስቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታት ስለዝይጠዓዓም ይተኣረም። ድርቕን ሳዕቤናቱን እኺምቁፅፃር ኣይተኻኣለን።

ብሓፈሻኡ ካብቶም ዝለዕሉ ዘለው ሕቶታት ቕፃይ እዞም ዝተጠቀሱ ኮይኖም እቲ ጉባኤ ግን ናይ'እዞም ዝተልዓሉ ሽግራት ሃላዋቶም ኣሚኑ ካ ንምፍታሕ ብዘኽእል መንገዲ ዝተፈጸመ ኣይኮነን። ተስፋ ዘግብር ትፅቢት'ውን ኣይነበረን/የለን። ድሕሪ እቲ ጉባኤ ክልተ ናይ መቐለ ዩኒቨርሲቲ መምህራን፣ ተሓባበርቲ ፕሮፌሰር ሰይፈ ሃይሉ ከምኡ 'ውን ገብረመድህን ገብረሚካኤል ድምጺ ኣሜሪካ ቃለ መጠይቕ ገይሩሎም እቲ ኣብቲ ህዝቢ ዘሎ ወድዓዊ ጸገማት ብትኽክል ኣቐሚጦሞኣለው። "ህዝቢ ሜሪጹኒ ንህዝቢ እየ ዝውክል" ዝብል ህወሓት ናይቲ ህዝቢ ኣገዳሲ ኩነታት ዘንጸባርቕ ኣጀንዳ ክዝርዝርን መፍትሒ ከመራርይ ኣይደለየን። እኺድኣ ነቶም ኩሉጊዜ ዝውቀሱ ድኹማት ሜራሕቲ ብምድልዳልን፣ ነቶም ዝሓሸ ብቕዓት ኣለዎም ዝበሃሉ ከይሳተፉ ብምግባርን ብምብራርን፣ ግዕዝይናን ሕሽክርናን ዝኣማኹም መንፈሰ-ድኹማት ኣኻኺቡ እዩ "ጉባኤ" ተፈጺሙ። መወዳእትኡ ሜራሕቲ ኮይኖም ዝተሓራረዩ ሰባት እውን ናይ'ዚ ብልሹው "ጉባኤ" ነፀብራቕ ውፅኢት እዮም።

እዚ ጉባኤ'ዚ ብዝኾነ መዐቀኒ ቅኑዕ ጉባኤ ክበሃል ኣይከኣልን። ወድዓዊ ጸገማት ህዝቢ ክዛተ ዘይተዳለወ እዩ። ኣሽሓት ዝተሰውኡሉ መትከላት ፍፁምተረሲዑ፣ ቅድሚ ቃልሲ ናብ ዝነበረ ሜሪር ኩነታት ንድህሪት ተመሊሱ፣ ካልእ ይትረፍ ናይቶም ዝተሰውኡ ወለድታትን ቤተሰብን ዘበሳብስ ጉባኤ እዩ። ኣጠቓሊልካ እንትረአ እቲ "ጉባኤ" ፀረ-ህዝቢ፤ ፀረ-ነፃነት ሓሳብ፣ ፀረ-ምዕባለ ዝኾነ ስርዓት ንኽቕፅል ዝገበረ ዋዕላ ስሉዓት ምንባሩ ካብ ውፅኢቱ ምርኣይ ከቢድ ኣይኮነን።

ብርግፅ እዚ ኹሉ ዝተባህለን ዝተጻህፈን ንዓናን ንህዝብናን ሓዲሽ ነገር ኮይኑ ኣይኮነን። ንልዕሊ 20 ዓመት ክንብሎ ዝነበርና እዩ። ዲሞክራሲያዊ ምትሕብባር ትግራይ (TAND /ታንድ)

ብዝተፈላለዩ እዋናት ዝተፈላለዩ ጽሑፋት ኣቕሪብና ኢና። ማሰረት ምዕባለ ዝኾነ ሃገራዊ ሰላምን ዲሞክራሲዊ ስርዓትን ቀዳምነት ክወሃቦ፣ ህወሓት መድረኽ ንክኸፍት ዝተፈላለዩ ጻዊዒታት ኣቕሪብና ኣወንታዊ መልሲ ክንረክብ ኣይከኣልናን። ኣብ ወጻኢ ሃገራት ብዘለና ዝተወሰና ውድባት **ህብረት**፣ ዳሓር'ውን **ሸንጎ** ማዕሪትና ተደጋጋሚና ይ ሰላምን ዲሞክራሲያዊን ሓቢርካ ምዕባለን ጻዊዒት ኣቕሪብና ኢና። ኮይኑ ግን መራሕቲ ህወሓት ልቦም ብትዕቢት፣ ሕሊናኦም ስሰዐ ብዘበገሶ ኽፍኣት ስለዝተመልአ ይትረፍዶ ኣወንታዊ መልሲ ክህቡስ መቐለዲ ክግብርዎ እዮም ጸኒሖም።

ኣዘዝቶምን ደገፍቶምን ዝኾኑ ናይ ወፃኢ ሓይልታት' እውን ሚዛናዊ ገምጋምእናገበሩ ንዕብየትን ሰላምን በሪ ዝኸፍት ለቦዋ/ድፍኢት ክንዲ ምግባር መራሕቲ ህወሓት ዝብልዎም ጥራይ እናተኸተሉ ስለዝጓዓዙ ግዕዝይናን ትዕቢትን ኣብ ልዕሊ ህዝብና ክዕንድሩ ፈቒዶምሎም እዮም። ናይ'ዞም ኣዘዝቲ/ ደገፍቲ መራሕቲ ህወሓት ማማሰላይ ድሑር ዘረባታት እንዳሰምዑ፣ እቲ መሪር ሓቂ ከየስተባህሉ ልቦም ዝተደፈነ 'ውን ውሑዳት ኣይኮኑን። ስለዝኾነ 'ውን ሕዚ ተመሪጹ ዘሎ መሪሕነት ድኽመቱ ባዕሉ ክእርምዩ ወይ ከማኣይሽ'ዩ ዝብል እምነት የብልናን።

ዘለናሉ ኩነታት እዙይ ካብኮነ መፍትሒኡ ድኣ እንታይ እዩ ?
ዝብል ሕቶ ክልዓል ግድን እዩ። ብወገና እንብሎ ህዝቢ ትግራይ ካብ ውሽጥን ካብ ደገን ብዝበፅሖ መጥቃዕቲ ዘንተ-እለት ዝሳቐ ዘሎ <u>ብማሰረቱ ባዕሉ ዝውንኖ ስርዓተ-መንግስቲ ስለዘይማስረተ እዩ</u>። ህዝብና ዘሕለፎ ታሪኻዊ ቃልሲ የመና ኸቢድ እንተነበረ ኺሚዛሜኡ ብናይ ባዕሉ ድሌት ስለዘይተፈፀመ ካብ ሓደ ግፍዐኛ ገዛኢ ናብ ካልእ ንዕኡ ዝማስል ክሰጋገር ግድን ኮይኑ ኣሎ። እዙይ ርኡይ ኩነታት እዙይ ብምግንዛብ፣ ብፍላይ እቲ ሓዱሽ ወለዶ መንእሰይ ብህዝባዊ ባህሊን ብእዋናዊ ስነ ጥበብን እናሃነጽካ ፣ ካብ ክፉእ ስርዓት ናብ ፍትሓዊ ስርዓት ክንሰጋገር ሕዚ'ውን እዋኑ ዝሓቶ ቃልሲ ግድን ከድሊ እዩ። ብሓፂሩ ንዚ ኩሉ ሕልኽላኻት ኣሊኻን ተጻዊርካን፣ ህዝብና ዝውንኖ ሕጋዊን ዲሞክራሲያውን ስርዓት ንምህናጽ **ሳልሳይ ወያነ** ከምዝድሊ ክንግንዘብ የድሊ።

ኣብዚ እዋን እዙይ ከዓ ህዝቢ ዓፋርን ካልኦት ከባቢታት ኢትዮጵያን ብከቢድ ድርቂ ተጎዲኡ እናሃለወ፣ ጠሙ ሂቦም ብእዋኑ ተደለይቲ ሓገዛት ክንዲ ምቕራብ ብሓደ ገፅ ምዕቡላት ንምምሳል "ሓገዝ ኣየድልየናን"፣ ብካልእ ገፅ ከዓ "10 ሚልዮን ህዝቢ ስለዝጠመዩ ሓገዝ የድሊ ኣሎ" እናበሉ ኣብ ልመና ተዋፊሮም ከደናግሩ ይረኣዩ ኣለዉ። ሚልዮናት ህዝብና

e-mail: ezanareg@hotmail.com

ብድርቂ እናተጎዱኡ እናሃለዉ፣ "ኢኮኖሚኖ ብኽልተ አሃዝ ምዕባለ ኣምጺኡ" እናበሉ ናይቲ ህዝቢ ማጡነ -ሰፊሕ ሽግራት ጎሊሁ ከይራኣይን ሰሚዐይ ሲኢኑ ተሸፋፊኑ ክሓልፍን ብምግባር ሜራሕቲ ህወሓት ንኽብዶምእምበር ንህዝቢ ከምዝይነ ብሩ ዘማስከሩ ገበነኛታት እዮም።

ካልእ ኣብዙይ ክጥቀስ ዝግቦኦ ወደቓ፣ መንእሰይ ጹሩይ ትምህርቲ ረኺቡ ናብስራሕቲ ከየዋፍርዎ ተስፋ ሲኢኑ፣ ምድሪ ፀልሚቱዎ ናብስደት የምርሕዎ ኣለዉ። ሓደ ንሓሜሽተ ዝብልዎ ኮሚኒስታዊ ሚርበብዘርጊሖም፤ አሽሓት ዝተሰውኡሉ ናይ ዲሞክራሲ ማሳል እኳ ክህብዎ ኣይኸኣሉን፣ እሞኸዓ ብፕሮግራምዘይቃወሞምእናሀለው። ህወሓት ብሓቂ ክእረም እንተዝደልን ናይ ህዝቢ ድምጺ ክሰምዕ ድልዊ እንተዝኸውንን ካልእ ይትረፍ ኣብቲ "ጉባኤ" እኳናይ ለውጢምልክት ከይወዓለን ከይሓደረን ከሪኢነ ይርዎ ንብል። አስዕብና'ውን ኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ዝምልከቱ ሕቶታት ጊዜ ይወስዱእዮምውን እንተበልና፣ በዞምዝስዕቡ ሕቶታት መንፅር ግን ውዓል- ሕደር ዘይበሃለሉ ብምሏኖምህዝቢ ከምቲ ጀሚሮዎ ዘሎ ብዘይምቁራፅ ክደፍአሎምን ነዘኻኽር፣

1. ዲሞክራሲያዊ ማሰል ናይ ምዝራብ፣ ናይ ምጽሓፍ፣ ናይ ምውዳብን ብነጻ ናይ ምምራጽን ማሰል ክኽበር፣
2. ብፖለቲካ ምኽንያት ዝተአሰሩ ኲሎምብዘይምንምምኽንያትን ቅድሚኹነ ትን ክፍትሑ፣
3. ብግዕዝይነትን ብግፍዕን ዝፍለጡንፍርዲ ክቐርቡ፣
4. አብፍርዲቤት ዘሎግዕዝይና ክእረምን ካብናይ ህወሓት ጽዕንቶን ቁጽጽርን ነጻ ክኸውን።

ህወሓት ነዞምዝተጠቀሱ ሕቶታት ንምምላስ ተግባራዊ ስጉምቲ ዝወስድ ኣይማስልን፣ ስለዙይ ከዓ ካብዚ ዝኸፍአ ስርዓትን ኣሜራርሓን ስለዘየለ ንዚ ኣሜራርሓ ኣወግዲካ፣ ኩሉ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ዝነ ብረሉ ስርዓት ንምህናጽ ክንልዓል ኣለና። ብተናፀል ልፍዓት ሕማቕ ስርዓት ብጥዑይ ስርዓት ምትካእ ስለዘይከኣል፣ ኩሉ ምእንተ ህዝቡን ዓድን ክተሃባበርን በቃኢሉ ቆሪፁ ክልዓል ኣለዎ። ኣብትግራይ ዝርከብ ህዝብና ምስ ዓረና፤ ኣብኣዲስ ኣበባን ካላኦት በታታት ኢትዮጵያ ዘሎምስ ኣንድነት ይኹን ሰሚያዊ ፓርቲ ወይ ምስ ዝማስልዎ ካልኦት ዲሞክራሲያዊ ውድባትን ተሰሊፉ ክልዓል እዋኑ እዩ። ኣብወጻኢ ዝርከብ ከዓ ምስ ትዴት/ሽንጎ ተሰሊፉ ክልዓል ንላቦዎ።

ተሓባቢርና ንዞምንኽብዶምዝሓደሩ ከደዓት ኣወጊድና፣ ሓጺር ውሱን ዕድመዘለዎ ናይ ሓባር ጊዝያዊ መንግስቲ ይቐውም። ተወዳደርቲ ዲሞክራሲያዊ ውድባት ዕላማታተን ንህዝቢ ኣቕሪበን ብሰላምምርጫተኻይዱ፣ ኣብዝሓ ድምጺ ዝረኸበ ፓርቲ በቲ ኩለን ውድባትን

የትግራይ ዴሞክራሲያዊ ትብብር - ዴሞክራሲያዊ ምትሕብባር ትግራይ

TIGRIAN ALLIANCE FOR NATIONAL DEMOCRACY (TAND)
e-mail: ezanareg@hotmail.com

ህዝብን ተሰማሚዑ ዘጽደቖ ሕገ-መንግስቲ ማሰረት ይሚርሕ። ቤት ፍርዲ፣ ፖሊስ፣ ሰራዊት፣ ገበርቲ ሰናያት፣ ጋዜጠኛታት፣ ነገድቲ፣ ካልኦት ሲቪል ትካላትን ሕገ-መንግስቲ ብዘረጋገፀለን ነጻነት ይሰርሓ። ናይ ፖለቲካ ሰባትን ውድባትን ኣማራፂ ፖለቲካዊ ስራሕቶምብነጻን ብዘይፍርሕን ይሰርሑ። ህዝቢ ባዕሉ ኢዱ ኣእትዩ ብዘፅደቖ ሕገ-መንግስቲ ኣቢሉ ንኹለን መንግስታዊ ኣካላት ይቆፃፀር።

ብምጥቕላል ናይዚ መወዳእታ ዘይብሉ ሽግርና መንስኤ ኩሉ ኣብ ትሕቲ ሓበራዊ ሕጊ ዝነብረሉ ስርዓት ስለዘይተሃነፀ፣ ስልጣን ዝዓተሩ ግፍዐኛታት ፍትሒ ከውርዱ ስለዘይከኣሉ'ዩ፣ ኣይኮነ ሎምን'ውን። ክሳብ ሕዚ ዝረኣናዮም ስርዓታት ንውሑዳት "ገነት"፣ ንብዙሓት "ሲኦል" ምዃኖም ታሪኽን ሕዚ እንርከበሉ ኩነታትን ምስክር እዩ። ህዝብና ብሓፈሻ ፍትሒ ካብ ሰማይ ንላዕሊ ርሒቑዎ ኣብ ዘስካሕክሕ ሜሪር ኩነታት እናሃለወ ጉባኤ ህወሓት ንቲ ፀገም ኣብ ምፍታሕ ዘይከነስ ጊዚኡ ኣብ ስልጣን ምክፍፋል ከምዝህለፎ ተዓዚብና። ካብዙይ ዝዓቢ ክሕደት ህዝብኻ የለን'ሞ፣ እዘም ከዳዓት ምስ ግዕዙይ ስርዓቶም ተወጊዶም ማንም ካብ ሕጊ ንላዕሊ ዘይኮነሉ ስርዓት ንምህናጽ ሓቢርና ተሓባቢርና ንቃለስ።

ተሓባቢርካ ዘይፍታሕ ፀገም የለን!!!
ማስከረም 2008 / September 2015